# ቅያ ስጡም መስርዕ!

## ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ



(1ይ ክፋል)

ሰሎሙን በርሀ

እዚ፡ ህያብ መኽሰብ ኣይኮነን ውልቃዊ መንነት ህያብ ፍትወት’ውን ኣይኮነን ገጸ-በረኸት ህያብ ታሪኽ’ዩ ህያብ መንነት ህያብ ግምጃ ሃገር ቅዱስ ፍጥረት ሓመድ ናይዛ መሬት ናይ ኩልና ክብረት! ካብታ ትእምርቲ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራን መዲና ሓርነታዊ ቃልሲናን ዝኾነት ናቕፋ ዝተበገሰ፡ ሕፍሶ ሓመድ ህያብ ናጽነት፡ ካብ ኩሉ ዞባታት (ታሪኻዊ ቦታታት) ሓመድ እናተወሰኸ፡ ን24 ግንቦት ናብ ኣስመራ ክበጽሕ መደብ ተታሒዙ ዑደት ይካየድ ኣሎ። ስለምንታይ ግን ሓመድ ተመሪጹ? ብኮምሽን ባህልን ስፖርትን ዝተዳለወ ሓጺር መግለጺ፡ ዕላማ ዑደት ህያብ ናጽነት ብኸምዚ ይገልጾ፦ “እቲ መበቆል ፍጥረትና ዝኾነ ሓመድ ሃገርና፡ ብዘራጊቶ ሓሳዳት ከይልዓል፡ ብውሑጅ ገዛእቲ ከይሸርሸር፡ ተባሕጕጉ ከይዕዘር፡ ቅምሶ ካብኡ’ውን እንተኾነት ዱብ ከይትሰግር፡ ንዘልኣለም ፍርያም ኮይኑ ክነብር፡ ወለዶታትና ብኹርዓትን ክብረትን ካብ ፍርያቱ ክዕንገሉ፡ ካብቲ ሓቑቕ ማዩ ሰትዮም ክረውዩ፡ ክቡር ማዕድናቱ ክውንኑ፡ ናትና ናይ ብሕትና ክንገብሮ ተዋዲቕናሉ ኢና። . . . ሓመድና ተራ ሓመድ ኣይኮነን። እዚ ሓመድ’ዚ ብኽቡር ደም ጀጋኑ ሓርበኛታት፡ ደም ኣዴታት ህጻናት፡ ደም ሊቃውንቲ ምሁራት፡ ደም መሻይኽ ካህናት፡ ብኣዕጽምቲ ናይቶም ክቡር ህይወቶም በጅዮም ምእንቲ ናጽነት ዝወደቑ ሕሩያት ፍጥረት ናይዛ መሬት ዝተደርዐ ክቡር ህያብ እዩ። ሓመድ ኤርትራ ህይወት ተቐቢሉ ህይወት ዝፈጠረ፡ ኣብ መትከል ጸኒዑ ንጸላእቱ ዝወሓጠ ታሪኻዊ ሓመድ እዩ። ሓመድ መሬትና፡ ህላወ፡ ጸጋ፡ ክብረት፡ ርስቲ፡ ሃገርን መንነትን ስለዝኾነ ናይዛ ዓመት

‘ህያብ ናጽነት’ ንሱ ክኸውን ተመሪጹ።” ትርጉም ህያብ ናጽነት ዝያዳ ንምጉላሕ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ “ቅያ ስጡም መስርዕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ነቲ ተተሪኹ ዘይውዳእ ብመስተንክር ጅግንነትን ተወፋይነትን ዝተሰግረ ቅያ ሓርነታዊ ተጋድሎና ዘዘኻኽር ተኸታታሊ ጽሑፍ ሒዛትልኩም ቀሪባ ኣላ። እዚ ጽሑፍ’ዚ ኣብ “ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ፥ ቅጺ 7 ናቕፋ” ከም መእተዊ ቀሪቡ ዘሎ’ዩ። ካብ ናቕፋ ናብ ከባቢ ኣስመራ፡ ካብ ከባቢ ኣስመራ ናብ ናቕፋ፡ እንደገና ካብ ናቕፋ ናብ ኣስመራ ዝነበረ ጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ብወተሃደራዊ መዳዩ ዝትርኽ ድማ እዩ። ናቕፋ ኣብ ሰሜናዊ ከበሳታት ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ’ቲ ካብ ሮራ ሓባብ ክሳብ ጎላጉል ናሮ ዝዝርጋሕ ሰንሰለታዊ ኣኽራናት ኣብ 1780 ሜትር ዝብራኽሉ ዝባውንቲ ተደኲና እትርከብ ናቕፋ፡ ሓንቲ ካብ ዓበይቲ ሓውሲ ከተማታት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኰይና፡ ኣብ ግዜ ምምሕዳር ኣውራጃታት፡ ዋና ከተማ ኣውራጃ ሳሕል ዝነበረት፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ከኣ ማእከል ምምሕዳር ናይቲ ንናቕፋን ከባቢኣን ዝሽፍን ንኡስ ዞባ ዝኾነት፡ ኣብ ታሪኽ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ጎሊሓ እትጥቀስ ከተማ እያ። ናቕፋ፡ ከም መብዛሕትኦን ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ኤርትራ፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ እያ ተደኲና። ኢጣልያዊ መግዛእቲ መሓውራት ምምሕዳሩ ኣብ መላእ ኤርትራ ኣብ ዘዳላድለሉ ዝነበረ እዋን 1890ታት ከኣ፡ ንናቕፋ ብኣቀማምጣኣን ክሊማኣን ማእከል ምምሕዳር ናይቲ ከባቢ ክትከውን ሓረያ። በዚ ድማ እታ ቅድሚኡ ንእሽቶ ዓዲ ዝነበረት ናቕፋ ማእከል ምምሕዳራዊን ንግዳዊን ንጥፈታት መላእ ሓባብ ብምኳን ናብ ሓውሲ ከተማ ክትዓቢ ጀመረት። ኣብ 1903 ምምሕዳር ኢጣልያ ኣብ ዘቔሞ ቅርጺ ምምሕዳራት፡ ሳሕል ብደረጃ ወረዳ ወይ ‘ረዚደንዘ’ ተሰርዐ። ናቕፋ ድማ ማእከሉ ኰነት። ኣብ 1930ታት ብመግዛእቲ ኢጣልያ ዝተኻየደ ቈጸራ ህዝቢ ከም ዘመልከቶ፡ ቍጽሪ ነበርቲ ናይታ ሓውሲ ከተማ ኣስታት ሰለስተ ሚእቲ ይበጽሕ ነበረ። ኣብ እዋን ምምሕዳር እንግሊዝን ፌደረሽንን ከኣ እቲ ቁጽሪ እናተዓጻጸፈ ከደ። ኣብ 1965 ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተገብረ ሓድሽ ኣሰራርዓ ምምሕዳር፡ እቲ ብደረጃ ወረዳ ዝነበረ ዞባ ሳሕል ካብ ኣውራጃ ሰንሒት ተፈልዩ ናቕፋ ዝዋና ከተማኡ ኣውራጃ ኰነ። ናቕፋ ናብ ሓውሲ ከተማ ክትምዕብል ዝጀመረት ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ይኹን’ምበር፡ ስነ-ጥንታዊ ኣሰራት፡ ናቕፋን ብዙሕ ካልእ ከባቢታት ሳሕልን፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ሰባት ይቕመጥዎ ከምዝነበሩ የረጋግጽ። ብርግጽ ድማ ምስ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ካልእ ክፋላት ምብራቕዊ ገማግምን ብምውድዳር፡ ናቕፋን

ከባቢኣን ብራኽ ብዝሃቦ ምቹእ ክሊማ ንሰፈራ ክምረጽ ባህርያዊ እዩ። ብዛዕባ እቶም ቀዳሞት ሰፋሮ ብንጹር ዝፍለጥ እኳ እንተዘየለ፡ ድሕሪ ናይ ዘመናት ሰገማታት ኣህዛብ፡ ቤጃ ዝመበቑሎም ህዝቢ ኣብዚ ከባቢታት'ዚ ብምስፋር፡ ብንግስነት ባቕሊን ዝፍለጥ ንመላእ ሳሕልን ዓቢ ክፋል ባርካን ዝገዝእ ዝነበረ ንግስነት ኣቑሞም ነበሩ። ምስ ምድኻም ንግስነት ቤጃ ኣብ 16 ክፍለ-ዘመን ካብ ማእከላይ ከበሳ ዝመጽኡ ቤት-ኣስገደ ንበረኽቲ ቦታታት ሮራ ባቕላን ደጉዓ ናቕፋን ተቈጻጸሩ። ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ሳሕል ዝጸንሑ ቀቢላታት ኣስፈዳ፡ ኣልመዳን ሓፋራን ካልኦትን ጎይቲቶም ድማ፡ ናይ ጎይታን ተወፋሮን ስርዓት ተኸሉ። እዚ ብኸንቲባይ ቤት-ኣስገደ ዝምራሕ መስፍናዊ ስርዓት'ዚ፡ ክሳብ መጀመርያ 20 ክፍለ-ዘመን ብዘይ ብዙሕ ለውጢ ዝቐጸለ ኰይኑ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ዝተቐየረ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ኵነታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ 1940ታት ብተወፋሮ ዝተኻየደ ሓያል ናይ ኣግእዞ ምንቅስቓስ ተወሲኽዎ፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ እቲ ስርዓት ተዳኺሙ ብሹመኛታት ቀቢላ ተተከአ። ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ዑናታትን ዛላታትን፡ እቶም ቀዳሞት ሰፋሮ ብቐዋምነት ኣብ ሕርሻ ዝነጠፉ ህዝቢ ምንባሮም ይእምት። ምስ ግዜ፡ ምልውዋጥ ኵነታት ኣየር ዝደረኾ ክኸውን ይኽእል ድማ፡ ህዝቢ'ቲ ከባቢ ዝያዳ ናብ መጓሰ ኣተኲሩ ብመጠኑ ኣብ ሕርሻ ክነጥፍ ጀመረ። ኣብ ግዜ ዝናብ ባሕሪ፡ ህዝቢ ናብ ምብራቓዊ ኣጻድፍን ጎላጉልን ምስ ጥሪቱ ይወርድ፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ድማ ናብ ከበሳታት ይድይብ። ኣብቲ ከባቢ ብእዋን ክራማት ዝዝርኡ ዓብለልቲ ኣእካል መሽላን ዕፉንን እዮም። ድሒሩ ዝተኣታተወ መስኖ ተጠቒምካ ኣሕምልቲ ናይ ምፍራይ ንጥፈት እውን ብመጠኑ ይዝውተር እዩ። ኣብ ከባቢ ናቕፋ ብፍላይ'ኳ ኣብቲ በሪኽ ጎቦታትን ኩርባታትን ኣውሊዕ፡ ታህሰስ፡ ሰራውን ቆልቋልን ዝርከቡዎም ኣግራብን ኣትክልትን ይርከቡ። ምስ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ 1960ታት፡ ኣብታ ከተማ ዝነበረ ነቑጣ ፖሊስ ዒላማ ዝገበረ ስርሒታት፡ ብደባይ ኣሃዱታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብተደጋጋሚ ክካየድ ስለዝጀመረ፡ በዚ መጥቃዕትታት ሰውራ ኤርትራ ዝሰግአ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ 1967 ኣብታ ከተማ ሓደ ቀዋሚ ወተሃደራዊ መዓስከር ተኸለ። ካብዚ ንደሓር ድማ ናቕፋ ወተሃደራዊ ኣገዳስነታ ጕሉሕ እናኾነ መጸ። ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ናቕፋ ናቕፋ፡ ኣብቲ ን30 ዓመታት ዝተኻየደ መሪር ሓርነታዊ ኲናት ስማ ጎሊሑ ዝጥቀስ፡ ትእምርቲ ጽንዓትን ተወፋይነትን ህዝቢ ኤርትራ ብምዃን፡ ኤርትራን ህዝባን መንነቶም ኣድሚቖም፡ ኣብ ርስቶም ክህልዉን ክቕጽሉን ምኳኖም ዘግሃደት፡ ኣብ ግዜ'ቲ ኲናት

ብወተሃደራዊ ስትራተጂ ኮነ ብፖለቲካዊ ዕላማታት ልዑል ኣገዳስነት ዝነበራ ታሪኻዊት መዲና እያ። ናቕፋ ሓንሳእ ካብ መግዛእቲ ባዕዳውያን ሓራ ምስ ኮነት ንካልኣይ ግዜ ዘይተደፍረት፡ መርኣያ ሓያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ዝኾነት፡ ክሳብ መጸውዒ ባጤራ ሃገረ ኤርትራ ብምዃን ልዑል ክብሪ ክትረክብ ዝበቕዐት ሓወልቲ ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ እያ። ንክብራን ዕብየታን ዝገልጽ ከኣ ብዙሕ ተገጢሙላን ተደሪፉላን። ኣብ መፋርቕ 1970ታት ዓቕሚ ሰውራ ኤርትራ ሰዊዱ፡ መዓስከራት ምጥቃዕን ምቁጽጻርን ኣብ ዝተጀመረሉ፡ ናቕፋ እታ ቀዳመይቲ መጥቃዕቲ ዝተፈተነላ መዓከር ነበረት። ዝተፈላለየ ዓይነት ውግእ፡ ሄሊወለድ፡ ኣየርወለድ፡ ቀዋሚ ኲናትን ካልእን ንፈለማ ግዜ ዝተራእየ እውን ኣብ ናቕፋ እዩ። ድሕሪ መፋርቕ 1970ታት ተጋዳላይ "ብዝቐልጠፈ ሓይልን ናህርን ንቕድሚት!" ብዝብል ዕላማን ጭርሖን፡ መጥቃዕቲታቱ ኣብ ዘዛየደሉ፡ ናቕፋ መንቀሊት ናይ ዝሰዓበ ድሙቕ ዓወታቱ ነበረት። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክስዓር ከምዘይክእል ብምግንዛብ፡ ስርዓት ደርግ ዘማዕበሎ "ስ'ናን" (obsesssion) ብቐንዱ ምስ ናቕፋ ዝተኣሳሰረ እዩ። እቲ ብደገፍ ሕብረት-ሶቭየት ክሳብ ዓንቀሩ ዓጢቑ፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ሰራዊት ዝፈተኖ መጠነ ሰፊሕን ተደጋጋሚን ወራራት ምስ ፈሸሎ፡ እንተውሓደ ናቕፋ ሒዙ መደበሲ ፍሽለታቱ ክረክብ ንበይና ተረባሪቡላ እዩ። በዚ ድማ እያ ምልክት ጽንዓት፡ ዓወትን ሓበንን ህዝቢ ኤርትራ ክትከውን ዝበቕዐት። ኣብ መፋርቕ 1978፡ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ካብ ሰውራ ኤርትራ ናብ ስርዓት ደርግ ተቐይሩ ህዝባዊ ግንባር ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ብምግባር፡ ኣብ ሳሕል ክዓርድ ምስ ወሰነ፡ ናይ መወዳእታ መከላኸሊ መስመር ክኸውን ዝመረጸ፡ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ዝርከብ ሰንሰለታዊ ኣኽራናት እዩ። ምኽንያቱ ናቕፉን ከባቢኡን ንምብራቕን ሰሜንን ክሳብ ቅሮራ ንምዕራብን ደቡባዊ ምዕራብን ክሳብ ግንባር ሓልሓል ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ሰንሰለታዊ ኣኽራናት፡ ልዑል ተዓጻጻፍነት ዝህብ መገላበጢ ዕርድታት ዝርከቦ፡ ንዓውደ ውግእ ዝምረጽ ምቹእ ከባቢ እዩ። ህዝባዊ ሰራዊት፡ ነቲ ሓያል እምነቱን ዘይሕለል ጽንዓቱን እዚ ባህርያዊ ብልጫ ቅርጺ መሬት ስለዝተወሰኾ እዩ፡ ንኣስታት 9 ዓመታት ኣብ ጎቦታት ሳሕል ዓሪዱ ብዙሕ መስተንክራዊ ቅያታት እናፈጸመ፡ ነቲ ብዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ኣዝዩ ዝተዓጻጸፎ ገዚፍ ሓይሊ ጸላኢ ዘፍ ከብሎን ኣብ መወዳእታ ክስዕሮን ዝበቕዐ። ኣብ እዋን ስትራተጂያዊ ምዝላቕን ድሕሪኡን፡ ስርዓት ደርግ፡ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣውራ ድማ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብስልቶምን ባህሪያቶምን ዝፈላለዩ ሸሞንተ ተኸታተልቲ ወራራት ኣካየደ። ካብኦም፡ እቶም

ዳሕረዎት ሓሙሽተ ወራራት፡ ኣብ ቀወምቲ ግንባራት ሳሕል እዮም ተኻይዶም። እዚ ናይ ምርብራብ መድረኽ'ዚ፡ ነቲ ፈለማ ከም ፍጹም ስዕረት ዝተራእየ ምዝላቕ ሰውራ ኤርትራ ትርጉሙ ዘግሃደ፡ ናቕፋ ትእምርቲ ጽንዓትን ቀጻልነትን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምዃና ዘመስከረትሉ መድረኽ ነበረ። እዚ ልዕሊ 667 ኪ.ሜ. ዝንውሓቱ መከላኸሊ ዕርድታት ግንባር ናቕፋን ምስኡ ዝተኣሳሰር ግንባራት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ሓልሓልን ባርካን፡ ድሕሪ 9 ዓመታት ናይ ምርብራብ ቃልሲ፡ ነቲ ገዚፍ ወራሪ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣላሽ ኣቢሉ ንህዝባዊ ሰራዊት ናብ መጥቃዕቲ ከሰጋግር ዝኸኣለ እዩ። ድሕሪ ፍሽለት ሻሙናይ ወራር (መወዳእታ 1985)፡ ናቕፋ ናይ ምቁጽጻር ዕላማ ፍጹም በኒኑ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት ደርግ ተስፋ ዝቘረጽሉ እዋን ነበረ። ቀንዲ ረቛሒ ዓወታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ቅርጺ መሬት ዝፈጠሮ ብድሆ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ኣብኡ ዝዓረደ፡ ሓያል ሃገራዊ ንቕሓትን ጽንዓትን ዝውንን ተጋዳላይ ምዃኑ ከይፈተዉ ክእመኑ፡ በዚ ድማ ሰውራ ኤርትራ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክሰዓር ስለዘይክእል ካልእ መፍትሒ ክናደየሉ፡ በጨቕታታት ዘስምዕሉ ግዜ ነበረ። ኣብ 1988 ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ልዕሊ'ቲ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ግንባር ናቕፋ ዓሪዱ ዝነበረ 'ናደው እዝ' ደምሳሲ መጥቃዕቲ ምስ ፈጸመ ከኣ፡ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ፍሉይ መቐይሮ ተጋህደ። እዚ "ሓመድ ድበ ናድው" ዝተሰምየ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ'ዚ፡ ስርዓት ደርግ፡ ናቕፋ ተቘጻጺሩ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን፡ "ሰውራ ኤርትራ ኣብቂዑ እዩ!" ክብል ዝነበሮ ሃንቀውታ ኣብኒኑ፡ ድሕነት ናቕፋ ኣረጋጊጹ ንሓዋሩ ከም ዝቐብጻ ገበሮ። ናቕፋን ከባቢኣን ኣብ ናይ 1976-1977 ናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ውግእ፡ ብዝያዳ ግን ድሕሪ ናይ 1978 ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ኣዝዩ ብርቱዕ ውግኣት ዝተኻየደሉ፡ ብእልቢ ዘይብሉ ቦምባታት መዳፍዕ፡ ሚሳይላት፡ ታንክታትን ነፈርቲ ውግእን ከም ሕሱም ዝተደብደበ ቦታ እዩ። እዚ ብሃብቲ ገረብን እንስሳን ፍሉጥ ዝነበረ ከባቢ፡ ድሕሪ'ቲ ናይ ዓመታት መሪር ውግእ፡ ብደብዳብን ሰራዊት ክልቲኡ ወገን መከላኸሊ ዕርድታት ንምስራሕ ብዝበተኾ ኣግራብን፡ ኵሉ ሃብቲ ገረቡን ጥሪቱን እንስሳ ዘገዳሙን ነበረ እዩ ኮይኑ። ብዝተፈላለየ ዓይነት ኣጽዋር፡ ዘይተፈንቀለ ከውሒ፡ ዘይተኻዕተ መሬት፡ ዘይተበንቆረን ዘይሓረረን ገረብ ኣይነበረን። ምድረ-ሰማዩ ብደሮናን ብባሩድን ተሸፊኑ፡ ሰብ ፍጡር ተጻዊሩ ክነብሮን ናብ ረብሓኡ ክቕይሮን ዘይሕሰብ መስተንክር ትርኢት ዝተራእየሉ እዩ። ሓያሎ ካብ ኣስማት ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት ኣብዚ ጽንኩር መድረኽ'ዚ ዝተራእየ ክስተት ንምግላጽ ዝወጽኡ እዮም። ኣብ ከባቢ ትክሰ ዝርከብ

ዕርድታት ሓሙኽሽቲ፡ ሳልፈር ከምኡ'ውን የማን ካብ እምባ ደንደን ዝርከብ ዕርዲ ፈርኔሎ ነቲ ኣብኡ ዝዘነበ ኣይሂ ደብዳብ፡ ዝተራእየ ነዲ፡ ሃልሃልታን ረመጽን ዝገልጽ ኣስማት እዩ። ግሎብ ብዙርያኣ እትውቃዕ ክትሰፍራ እተጸግም ዕርዲ ክትከውን እንከላ፡ ሪጎለ እውን ብተመሳሳሊ፡ ናብ ጸላኢ ብዝነበራ ቅርበት ዝተዋህባ ስም እዩ። ዕርዲ ቮሊቦል ነቲ ካብ ቀረባ ርሕቀት ዝካየድ ዝነበረ ዘየቋርጽ ዳርባ ቦምባ ኢድ ተጋዳልቲን ሰራዊት ጸላኢን ንምግላጽ ዝተዋህበ ስም እዩ። ናዅራ፡ ብጸልማት ምስ ኣተኻ ቀትሪ ተወዚ ክትብለላ ዘይትኽእል ምስ ቤት ማእሰርቲ እትመሳሰል ዕርዲ እያ። ታባ-ውፉያት፡ ኣብ ሻድሻይ ወራር፡ ሰራዊት ጸላኢ ሃንደበትነት ተጠቒሙ፡ ከይተራእየ ንናቕፋ ኣጸቢቑ ዝተጸግዓላ፡ ንፈለማ ግዜ ንከተማ ናቕፋ ኣማዕድዩ ዝርኣየላ፡ መግለጺ ዓወቱ ባንዴራ ዝተኸለላ ታባ እያ። እቲ ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ “ናቕፋ ትርኣየኒ ኣላ!” ኢሉ ብስራት ዝለኣኸ ሰራዊት ግን፡ ኣብታ ቦታ ነዊሕ ክጸንሕ ኣይከኣለን። ካብ ርሑቕ ቦታ ብጉያ ዝመጽኡ ተጋደልቲ ብልዑል ተወፋይነትን ጅግንነትን ክቡር መስዋእቲ ከፊሎም ንጸላኢ ካብታ ታባ ኣጽዲፎም ድሕነት ናቕፋ ዘረጋገጹላ ጎቦ እያ - ታባ ውፉያት። ኩባንያ፡ ነቲ ቀቲልካን ኣዕኒኻን ዘይጽንቀቕ፡ ዘየቋርጽ ዋሕዚ ሰራዊትን ኣጽዋሩን ንምግላጽ ዝወጸ ስም እዩ። ሓደ ተዋዛያይ “ብድሕሪ'ዛ ቦታ'ዚኣ ሰብ ዘፍሪ ኩባንያ ኣሎ መስለኒ” ምስ በለ ዝተዋህባ ስም እዩ። ታባ ፍረወይኒ፡ ኣብ ቀወምቲ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ንዝርከብ ክልተ ዕርዲታት፡ ዝተዋህበ ንዝኽሪ ሰማእታት ደቀንስትዮ ዝገልጽ ስም እኳ እንተኾነ፡ ናይ ናቕፋ ግን ሕልፊ ኣለዎ። ሓደ ግዜ ፍረወይኒ ዝተባህለት ተጋዳሊት፡ ኣብ ዓቐበት ጽርግያ ናቕፋ ኣብ እትርከብ ናይ ሓለዋ ቦታ፡ ዋርድያ ወጺኣ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ዝቕይራ ብጻይ ምስ መጽአ ካላሽና ጥራይ ተጸጊዓ ረኺባ። ንሳ ግን ምስ ዕጥቃ ተሳእነት። ንዝተወሰነ ግዜ ደሃይ ፍረወይኒ ህጣሙ ጠፊኡ ሃለዋታ ምስ ተቐብጸ፡ ብዛዕባኣ ብዙሕ ግምታት ተዘርበ። ኣብ መወዳእታ ግን ብገበል ተዋሒጣ፡ ኣብ ሓደ በዓቲ፡ ኣዕጽምታ፡ ጸጒራን ዕጥቃን ተዓኺሊሉ ተተፊኡ ኣሰራ ተረኺበ። ነዛ ሓርበኛን ነቲ ኣሰቃቒ ፍጻመን ንምዝካር ከኣ እቲ ቦታ፡ ታባ-ፍረወይኒ ተባህለ።